ናይ ጥንሲን ቀልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐቲ፡ ሚያዚያ/APRIL 2002

# ናይ ኣዶ ጡብ ምጡዋብ፡ መመላእታን ተወሳኺ መግቢታት

ኣዶታት ንጡብ ከጥብዋ ናይ ሮያል ደቂ ኣንስትዮ ኣስቤዳል ደገፉን ሓገዝን ይገብር እዩ። ናይ ጡብ ፃባ ንማማይ ዝበለፀ መግቢ ከኸውን ንነዊሕ ግዘ እሞ ናይ ኣደኡ ፃባ ንዝወሰደ ማማይ[ትሕቲ ዕድመ ዘሎ ማማይ] ናይ መመላእታ መግቢታት ኣድላይ ኣይኾኑን።

ናይ መመላእታን ተወሳኺ መግቢ ካብ ናይ ኣዶታት ጡብ ፃባ ዘይኮነ ፈሳሲ ከም ፎርሙላ ወይካዓ ማይ ድሕሪ ናይ ኣዶ ጡብ ወይድማ ጡብ ንዘይምሃብ ዝውሃብ መግቢ እዩ።

ናይ መመላእታ/ተወሳኺ መግቢ ንምሃብ እንተተሓሲቡ እዚ ናይ መረዳእታ ወረቐቲ ብምርኣይ ምንም ናይ ሕክምና ፀገም ከምዘይብሉ ንምጥቃም እዩ።

ብዛዕባ ውላድክን መግቢታት ግልፅ ዝኾነ ምርጫ ከነብረኽን ካብዚ ዝስዕብ መረዳእታት ከነብረክን ኣገዳሲ ምዃኑ ንኣምነሉ ኢና።

ናይ ቀልዓ ኣብ ጡጦ ምምጥማጥ ካብ ናይ ኣዲኡ ጡብ ኣመጣምጣ ፍልይ ዝበለ እዩ። ናይ መመላእታ/ተወሳኺ መግቢታት ብምጅማር ከመጹ ዝኽእሉ ሳዕቤን ይሕልው፡

- ናይ ኣዶ ጡብ ብድሌትን ምሃብ ከምዝሎ እዩ ዚሰርሕ። እቲ ቀልዓ ብዙሕ ግዘ ጡብ ዝጠቡ እንተኾይኑ ብዙሕ ፃባ ይነብሮ። ውላድክን ናይ መመላእታ/ተወሳኺ መግቢታት ከውሃቦ እንከሎ ጡብክን ዝውሓደ ይሰርሕ። እዚ ማለት ድማ ቑሩብ ፃባ ከነብሮ ይኽእል።
- ጡብክን ዘይተጥባ እንተኾንክን ወይካዓ ብናይ መመላእታ/ተወሳኺ መግቢ ተለዊጡ ጡብክን ብጣዕሚ ስለዝመልእ ቃንዛ ኣለዎ። እዚ ድማ ዝቖበባ ይብሓል። ጡብክን እንተመሊኡ ዝውሓደ ፃባ ይሕዝ ይኸውን። ስለዚ ጡብክን ብዙሕ ግዘ ከምጽመጽ/ከጥቦ ከምዘለዎ ምፍላጥ ኣለክን።
- ንትህቲ ዕድመ ዝኾነ ቀልዓ ጡጦ/ፎርሙላ እንተኺብካዮ መብዛሕቱ ግዘ ናይ ላሕሚ ፃባ ፕሮቲን ከወስድ እንከሎ ኣለርጂ ይገብረሉ ግና ናይ ኣዶ ጡብ ጥራይ እንተተመጊቡ ኣለርጂ ኣይኾኖን።
- ንውላድክን ናይ መመላእታ/ተወሳኺ መግቢ/ጡጦ ምስሃብክን ጡብክን ንክተጥባ ዓብዩ ፀገም ይፈጥረልክን እዩ። ዝኾነ ኾይኑ እንተደሊኽን ውላድክን ናይ መመላእታ/ተወሳኺ መግቢ/ጡጦ ከውድእ እንከሎ ምእንታን ናብ ጡብ ምጡባብ ከለምድ ብዝተኻኣለ ከምንሕግዘክን ከተረጋግፃ ኣለክን።

**ናይ ጥንሲን ቀልዓ ምውላድን መረዳእታ ወረቐት፡ ሚያዝያ/APRIL 2002**

**ናይ ኣዶ ጡብ ምጡዋብ፡ ካብ መመላእታን ተወሳኺ መግቢታት [ዝቀጸለ]**

ናይ መመላእታን ተወሳኺ መግቢታት እንተተጀሚርክን በዚ ዝስዕብ ፅገም ምቅናስ፡

- ንዝቐበባ/engorgement ንምክልኻልን ፃባ ክሕልዎ ብተደጋጋሚ ጡብክን ምጽማቑ/ምሕላብ
- እንተተኻኢሉ ነቲ ካብ ጡብ ዝተረኸበ ጽማቝ ፃባ ምጥቃም

ናይ ሮያል ሜልበርን ኣስቤዳለ ፍሉይ ዝኾነ ምልክት ዘለዎ ሕሩጭ ፃባ/ፎርሙላ ክውሰድ ኣይድግፍን እዩ። ንማማይክን መመላእታ ከምኡ'ድማ ተወሳኺ መግቢ ንምሃብ እንድሕር መሪፅክን ብቑፅሪ ብዙሓት ምልክታት/መፀዉዒ ዘለዎም ፃባታት ሹም ንክትመርፃ ንሕብረክን። ናይቶም ፃባታት/ናይ መግቢ ትሕዝቶ ሓደ እዩ። ሓደ እንታብሓደ ኣይበልፅን። ብዛዕባ ፃባ/ሕሩጭ ንማማይ ዝበለፀ ሓበሬታ እንተደሊኽን ንናይ ላደን ቀልዑን ጥዕና ሓለዋ ነርሲ ላብ ገዛኽን ከትመፅእ ንክተዛርባ ንሕብረኽን ኢና።

## እዚ መረዳእታ ምሳይ ምይይጥ ተጌሩሉ እዩ፧ ብ፡

ሹም፡...............................................................................................................

ዕለት፡ ........../............/...............

ናይ ኣዶ ፈርማ፡ ................................................................................

ናይ መሕረሲት/ነርሲ ፈርማ፡ ..........................................................................

**Unit Record No** ____________________________

**Surname** ____________________________

**Given Names** ____________________________

**D.O.B** ____________________ **Sex** ____________

**Affix Patient Label**

ካብ ቀልዓ ኣመጋግባ መምርሒ ንሓለዋ ጥዕና ሰራሕተኛታት ዝተወሰደ - NHMRC